## ክትፈልጦ ኣድላዪ ዝኾነ

# ብዛዕባ ንንፍዮ፡ ጽግዕን ሩበላን

Folkhälsomyndigheten

ንፍዮ፡ ጽግዕን ሩበላን ሰለስተ ኣዝዮም ተላገብትን ከበድቲ ሕማም ከስዕቡ ዚኽእሉን ሕማማት'ዮም። ኣብ ሃገር ሸወደን ኣብዚ ጊዜ ልሙዳት ኣይኮኑን፥ ኣብ ዙርያታት ዓለምና ግን ይርከቡ እዮም። ውላድካ ክታበት ብምውሳድ ካብዞም ሕማማት እዚኦም ኪሕሎ ይኽእል እዩ።

ሕማም **ንፍዮ፡** ከቢድ ዝኾነ ረስኒ፡ ምስዓ ልን ሹፍታ ናይ ቆርብትን ዘስዕብ ኰይኑ፤ ተወሳኺ ስዒቦም ዚመጽኡ ሓማማት፡ ከም ረኽሲ-ኣእምሮ፡ ረኽሲ-እዝኒን ረኽሲ-ሳንቡእን ውን ዘኸትል እዩ። ጸረ ንፍዮ ዚኸውን ሕክምና ስለ ዘየልቦ፥ እቲ ሕማም'ቲ ክሳብ ሞት ዘምርሓሉ ኣጋጣሚ ታት ኣሎ'ዩ።

**ጽግዕ** ሓደ ዓይነት ረኽሲ ኰይኑ፡ ብቐ ዳምነት ነቶም ናይ ምራኼ-ኣፍ ጽክታት ዝጥቅዕ'ዩ። ተወሳኺ ስዒቦም ዚመጽኡ ሓማማት፡ ከም ረኽሲ ሸፋን-ኣእምሮ፥ ረኽሲ-እእምሮን ውን ዘኸትል እዩ። ኣወዳት ኣብ ፍረ-ነፍሶም ረኽሲ ከጋጥ ሞም ይኽእል እዩ። ጸረ ጽግዕ ዚኸውን ሕክምና የልቦን።

**ሩበላ፡** ብዙሕ ጊዜ ቅልልዝ ዝበለ ሕማም ኣብ ዓበይትን ቆልዑን ዘስዕብ ረኽሲ'ዩ። እንተኾነ ግን ሓንቲ ነፍሰ-ጾር ሰበይቲ ብሩበላ እንተ ተለኺፋ፥ እቲ ጥንሳ ኪንጸል ዓቢይ ሓደጋ ኣሎ። ወይ ውን እቲ ዕሸል ኣብ ማህጸን ኣዲኡ ከበድቲ መጕዳእቲ ስዒብዎ ኪውለድ ይኽእል'ዩ። ጸረ ሩበላ ዚኸውን ሕክምና የልቦን።

ክታበት ብምውሳድ ዚርከብ ምክልኻል እቲ ውላድካ ንምክልኻል ኢልካ ትገብሮ ኣዝዩ ውጽኢታዊ ኣገባብ፥ ክታበት ከም ዚወስድ ብምግባር'ዩ። እቲ ንንፍዮ፡ ጽግዕን ሩበላን ዚወሃብ ክታበታት፥ ኣዝዩ ፍቱን ዝኾነን ውጽኢታዊን እዩ። ኵሎም'ቶም ብማእከል ክንክን-ሕጻናትን ብጥዕና-ተመሃራይን ዚወሃቡ ክታበ ታት፥ ብድሌትካ ዚውሰዱን ዘይክፈሎምን እዮም። ናብ ወጻኢ ሃገር ቅድሚ ምጋሽካ፡ ስድራቤትካ እንታይ ናይ ክታበት ምክል ኻል ከም ዘሎዎም ኣስተብህለሉ።

---

### ብዝያዳ ክትፈልጥ ትደሊ'ዶ?

ሕቶታት ምስ ዝህልወካ፡ ኵሉ ግዜ ምስ ናትካ ማእከል ክንክን ጥዕና ቈልዑ (BVC) ወይ ምስ ኣብ ቤት ትምህርቲ ውላድካ ዝርከብ ክንክን ጥዕና ተመሃራይ ርክብ ክትገብር ትኽእል ኢኻ።

### ክታበት ብኸምዚ ዚስዕብ ይት ግበር

**ቅድሚ እቲ ክታበት**
ውላድካ ኣብ ቤትትምህርቲ ዚኸይድ ምስ ዚኸውን፥ ኣቐዲምካ ብዛዕባ ክታበታት ኣዘራሪብካዮ ምጽናሕ ጽቡቕ'ዩ። እቲ/ታ ውላድካ ምናል ባት ዘሕስቦ ነገር ከይህልዎ'ሞ፥ ኣብቲ ክታበት ዚውሰደሉ ጊዜ ምስ መጸ ተዳልይሉ ንምጽናሕ ንኪኽእል እዩ። ንስኻ/ኺ ከም ወላዲ መጠን ደገፍ ዘድልየካ ምስ ዚኸውን፥ ምስታ ኣብ ማእከል ክንክን-ሕጻናት ዘላ ነርስ ወይ ምስታ ናይ ቤትትምህርቲ ነርስ (barnhälsovårdssjuksköterska eller skolsköterska) ርክብ ግበር።

**እቲ ክትባት**
እቲ ክታበት፡ ከከም ዕድመ ናይቲ ቆልዓ፡ ብመርፍእ ኣብ ሰለፍካ ወይ ኣብ ላዕለዋይ ምናትካ ይወሃበካ።

**ብድሕሪ እቲ ክታበት**
መብዛሕትኦም ሰባት ብድሕሪ 'ቲ ክታበት ዚስምዖም ነገር የልቦን ወይ ኣብቲ ዝተወጋእካዮ ቦታ ቁሩብ ኪሓብጥ ይኽእል'ዩ። ገለ ሰባት፡ ብድሕሪ 7/12 መዓልታት ዘሎ ግዜ፥ ቅልል ዝበለ ሹፍታን ረስኒን ኪገብረ ሎም ይኽእል'ዩ።

ብድሕሪ ክታበት ገለ ዘሻቐለካ ነገር ምስ ዚርከብ፥ ምስታ ኣብቲ ናትካ ማእከል ክንክን-ሕጻናት ዘላ ነርስ ወይ ምስታ ናይ ቤትትምህርቲ ነርስ ወይ ምስ ክንክን-ሕማም ርክብ ግበር።

### ናይ ሸወደን መደብ-ክታበታት

ኣብዚ፡ ኣብ ሸወደን ነቶም ከበድቲ ሕማምት ንምክልኻል ተባሂሎም ንኹሎም ቆልዑ ዚወሃቡ ክታበታት ትርእዮም ኣሎኻ።




FOLKHÄLSOMYNDIGHETEN, ARTIKELNUMMER 23178-5 TIGRINJA. 2023. FORM, SÖDRA TORNET